
nystateofhealth™
The Official Health Plan Marketplace

Child Health Plus
New York State's Health Plan for Kids



# ሓጺር ሓበሬታ ብዛዕባ
# Child Health Plus

## መን እዩ ተቐባልነት ዝረክብ?

**ህጻናት ኮይኖም፡**

- ዕድሚኦም ትሕቲ 19 ዓመት ዝኾኑ
- ናይ ኒውዮርክ ግዝኣት ነበርቲ
- ናይ ሕክምና ካርዲ ንክረኽቡ ሕጋዊ ዘይኮኑ
- ብካልእ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ዘይተሸፈነ ምስዝኾውን
- ኣብ ናይ ጥዕና ግዝኣታት ጥዕና ጥቕምታት ፕሮግራም (NYSHIP) ሕጋዊ ዘይምዃን

ፕሮግራም ጥዕና ግዝኣት ኒዮርክ ምስቶም ግቡኣት ናይ ፌደራል ሕጊታት መሰላት ተሳንዩ ስለ ዝሰርሕ ኣብ ናይ ጥዕና ፕሮግራማቱን ንጥፈታቱን ብምኽንያት ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ሃገራዊ መበቆል፣ ሃይማኖት፣ ፆታ፣ ዕድመ, ሃዳር/ኩነታት ስድራ፣ ፣ ገበን ፍርዲ/ፍርዲታት፣ መለለይ ፆታ፣ ምልከታ ፆታ ፣ ብፍሉይ መፈጠራዊ/ጂን ባሕሪያዊ ድልየት ፣ ወታሃደራዊ ኹነታት ፣ ብናይ ጉድኣት መጠን ናይ ውሽጢ ገዛ ጎንፂ ወይ/ከምኡውን ሕነ ምፍዳይ ፣ ኣፈላላይ ኣይገብርን።።

## እንታይ እዩ ተሸፊኑ?

- ናይ ህጻናት ድሕነት ምብጻሓት
- ኣካላዊ መርመራታት
- ክትባት
- ናይ ሕሙም ክንክን
- ናይ ላባራቶሪን ሓሳብን ኣገልግሎታት
- ናይ ስንን ዓይንን ኣገልግሎታት
- ኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት ሕክምና
- ናይ ሓጺር ግዜ ኣካላውን ሞያውን ሕክምና
- ኣቕርቦት ብሓኪም ዝእዘዙን ዘይእዘዙን መድሓኒታት፣ ሊቓንሳ ብዘለዎ ክኢላ ምስ ዝእዘዙ።
- ን ናይ ደገ ተሓከምቲ ዝወሃቡ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት (ኬሞቴራፒ፣ ሄሞዲያሊሲስ)
- ነቶም ደቂሶም ዝሕከሙን ተመላለስቲ ወይ ናይ ደገ ዝኾኑን ተሓከምቲን ዝቐርቡ ናይ ኣእምሮ ሕክምና፣ ናይ ኣልኮልን ናይ መዐወኒ ባእታታትን ኣገልግሎታት።
- ናይ ምዝራብን ምስማዕን ኣገልግሎታት

እዚ "ኩሉ ዘጠቓለለ" ዝርዝር ናይ ዝተሸፈኑ ጥቕምታት ኣይኮነን። ብዛዕባ ብመንገዲ ውጥን ጥዕናኻን ወሃብቲ ኣገልግሎትካን ዝሸፈኑ ኣገልግሎታትን ጥቕምታትን ዝኾነ ሕቶ እንተሃልዩካ ብቐጥታ ምስ መድሕን ጥዕና ዘቕርበልካ ትካልን ኣገልግሎት ወሃብትኻን ክትራኸብ ኣለካ።

**ኣድራሻና፡-**

nystateofhealth.ny.gov | 1-855-355-5777 or TTY 1-800-662-1220

# መደብ Child Health Plus ክንደይ እዩ ዘኽፍል?

**ወርሓዊ ክፍሊታት መድሕን:** ወርሓዊ ክፍሊታት ኣብ ኣታዊን መጠንን ስድራ ቤት ዝምርኮሱ እዮም።* እቶም ትሑት ወርሓዊ እቶት ዘለዎም ስድራቤታት ወርሓዊ ክፍሊት መድሕን ኣይከኽፍሉን እዮም። እቶም ልዑል ወርሓዊ እቶት ዘለዎም ስድራቤታት፣በቲ ኣብ ታሕቲ ዝተቐመጠ ቻርት መሰረት ወርሓዊ ክፍሊት ይኸፍሉ። ናይ'ቶም ብዙሓት ኣባላት ዘለዉዎም ስድራቤታት፣ እቲ ዝኸፍሉዎ ወርሓዊ ክፍሊት ኣብ ሰለስተ ቆልዑት ዝተወሰነ ይኸውን። እቶም ኣታዊ ስድራቤቶም ካብ'ቲ ድንጋግ ዝግበረሉ መጠን ኣታዊ ንላዕሊ ዝኾኑ ስድራቤታት፣ ነቲ ሙሉእ ወርሓዊ ክፍሊት ክኸፍሉ ክግበሩ ይኽእሉ እዮም፣ ከከም እቲ ዝሳተፉሉ ናይ ጥዕና መድሓናት ዝፈላለ እዩ።

**ምክፍፋል ወጻኢታት:** Child Health Plus ዓመታዊ ዝቕንሱ ክፍሊታት ኮኑ ናይ ሓባር ክፍሊታት የብሉን።.

| ዝለዓለ ዓመታዊ ኣታዊ ብናይ ስድራ መጠን | | | | ናይ ስድራ ወርሓዊ ኣበርክቶ ብሕድ ሕድ ህጻን (እቲ ዝለዓለ ክፍሊት ትፍጽመሉ ቁጽሪ ህጻናት 3 እዩ) |
|---|---|---|---|---|
| **1** | **2** | **3** | **4** | |
| **$34,743** | **$46,953** | **$59,163** | **$71,373** | **$0** |
| **$39,125** | **$52,875** | **$66,625** | **$80,375** | **$15 (ዝለዓለ $45)** |
| **$46,950** | **$63,450** | **$79,950** | **$96,450** | **$30 (ዝለዓለ $90)** |
| **$54,775** | **$74,025** | **$93,275** | **$112,525** | **$45 (ዝለዓለ $90)** |
| **$62,600** | **$84,600** | **$106,600** | **$128,600** | **$60 (ዝለዓለ $180)** |
| **ልዕሊ $62,600** | **ልዕሊ $84,600** | **ልዕሊ $106,600** | **ልዕሊ $128,600** | **ሙሉእ ክፍሊት መድሕን፣ ከከም ናይ ጥዕና መድሕን ዝፈላለ እዩ (ልዑል መጠን ስድራቤት ዝበሃል የለን)** |

*ኣብ'ቲ ናይ 2025 ናይ ፌደራል ደረጃ ድኽነት (FPL, Federal Poverty Levels) መሰረት ገይሩ ዝተዳለወ። ብመሰረት እቶም ኣብ FPL ዝካየዱ ለውጢታት፣ ሕድሕድ ዓመት ኣብ እቶም ደረጃታት ኣታዊ ምምዕርራያት ክግበር ይኽእል እዩ።